## ሓደ ሓቀኛ ፖለቲካዊ ውድብ ግድን ክምልሶም ካብ ዘለዎ መሰረታዊ ረቛሒታት፡-

ፖለቲካ ሰባት ሓቢሮምን ተኸባቢሮምን ንምባር ዘኽእሎም ምቹእ ኩነታት ንምፍጣር፡ ከመይ ንመሓደር፣ ከመይ ነፍሪ፣ ከመይ ንከፋፈል ኢሎም ዝዛተየሉ መሰረታዊ መፍትሒ ድማ ዘቕምጥሉ ዓውዲ ስነ-ፍልጠት'ዩ። ፖለቲካ ኣካል ልዕለ ቅርጻ ኮይኑ፡ ብተግባር ግን ቀላሲ ልዕለ ቅርጻን ትሕተ ቅርጻን'ዩ። ኣንፈተ ፖለቲካ እንተቐኒዑን እንተተነጺሩን ጸገማት ህዝቢ ደረጃ ብደረጃ ከም ዝፍታሕ፡ ኣንፈተ ፖለቲካ እንተዘይቀኒዑን ዘይተነጺሩን ከኣ እቲ ሽግር መሊሱ ከም ዝተሓላለኽን ዝገድድን ንምርድኡ ኣየጸግምን።ፖለቲካዊ ውድብ ዝኽተሎ ስነ-ሓሳብ ወይ ፕሮግራም ኣብ ውድብ ጥራሕ ተሓጺሩ ዝተርፍ ኣይኮነን። እንተተዓዊቱ ብሃገር ደረጃ ህዝቢ ክመርሓሉ ኢሉ'ዩ ዝሕዞ። ኩሉ ኣነ ናይ ህዝቢ ጸገማት ክፈትሕ ዝተበገሰኩ ፖለቲካዊ ውድብ'የ ኢሉ ነብሱ ዘላሊ ውድብ፡ ወገን ህዝቢ'ዩ ማለት ስለ ዘይኮነ ድማ ሓቀኛ መንነቱ ክጽናዕ ክግምገም ኣለዎ።

ንሕና ኤርትራውያን ዘመናዊ ፖለቲካዊ ታሪኽና ካብ መጀመርታ 40ታት ከም ዝጅምር፣ ኣንጻር ግዳማዊ መግዛእቲ 20 ዓመት ሰላማዊ ፖለቲካዊ፡ 30 ዓመት ደማዊ ብረታዊ ቃልሲ ከም ዘካየድና፡ ሕጂ ድማ ህዝባዊ ሓርነታዊ መሰልና ንምርግጋጽ ልዕሊ 34 ዓመት ዘቑጸረ ኣንጻር ዘቤታዊ ገዛኢ ንቃለስ ከም ዘለና ይፍለጥ። ካብ'ዚ ብድምሩ ልዕሊ 80 ዓመት ዘቑጸረ ፖለቲካዊ ተመክሮና ግን፡ እንታይ ተማሂርና? ፖለቲካዊ ንቕሓትና ብኡ መጠን ሰፊሑ'ዶ? ካብ ትምክሕትን ጽበትን ዝማእከሉ ድሑር ምትእኽኻባት ነጻ ዲና? ኣረኣእያና ኣሰራርሓና ብሓቂ ልኡላውነት ህዝቢ ዘረጋገጽ፡ ዝተበተነ ህዝቢ ዝእክብ፡ ሱር ዝሰደደ ኩለ መዳያዊ ጸገማት ዝፈትሕ ድዩ ኣይኮነን ኢልና፡ ንውድባት ግንባራት ብኣፍልጦ ኣብ ንድግፈሉን ንቃወመሉ ደረጃ'ዶ በጺሕና ኣለና? ነብስ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ኣጻብዕቱ ናብ ካልእ ቅድሚ ምምልካቱ ርግእ ኢሉ ገዛእ ርእሱ ክሓትት መልሲ ድማ ክረክብ ይግባእ።

ሎሚ ኣብ ኣድማዕነቱ ዘሎ ኣሰካፊ ድኽመታት ከይዘንጋዕና፡ ደምበ ተቓውሞ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ብዓቐን ወሲኹ ኣሎ። ቁጽሪ ተናጻል ውድባት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ቁጽሪ ብግንባራት ዝስውዑ ምትእኽኻባት፡ ፖለቲካዊ ስነ-ፍልጠት ካብ ዘቐምጦ መምዘኒታት ወጻኢ እናሓደረ ይውስኽ ኣሎ። ናይ ዕላማ ንጹርነቱ፣ ህዝባውነቱ፣ ብቕዓቱ ግን ኣይግድን። ፖለቲካዊ ውድብ'የ ግንባር ኢና ዝብሉ በዚሖም፡፡ እዚ ነቲ “ ቆልዓ ይወለድ ብዕድሉ ይዓቢ” ዝብል ድሑር ያታዊ ብሂል የዘኻኽረካ። እዚ ኣካይዳ'ዚ ዕድመ ዘቤታዊ ጸላኢ ዘናውሕ፡ ነቲ ከም ጥሙር ህዝብን ልኡላዊት ሃገርን ህልውናና ውሑስ ንምግባር ነካይዶ ዘለና ቃልሲ ዝሓላልኽን ዘኽብድን ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። እምበኣር፡ ካብ'ዚ ዘይንቡርን ዘየዐውትን ዝተጠናነገ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ክንወጽእ ኣለና። ብኸመይ? ኣነ ኣንጻር ዘቤታዊ ጸላኢ'የ፡ ኣካል ደምበ ተቓውሞ'የ ዝብል ውድብ/ግንባር፡ ብሓቂ ፖለቲካዊ ውድብ ድዩ? ብሓቂ ፖለቲካዊ ግንባር ድዩ? ብሓቂ ናይ ህዝቢ ወጽዓ ዘገድሶ ድዩ? ንምፍላጥ ጭቡጥ ፖለቲካዊ መምዘኒታት ክህልወና ይግባእ።

**ቀዳማይ፡** እቲ ውድብ ክቡር ኩለ መዳያዊ ዋጋ ከፊሉ ከዐውቶ ዝተቐረበሉ ፈታውን ጸላእን ዝፈልጦ ናተይ ዝብሎ ንጹር ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ኣለዎ'ዶ የብሉን ብንቕሓት ምርዳእ የድሊ። እንተዘይብሉ ሽዑ ንሽዑ ጸገም ዘለዎ ፖለቲካዊ ውድብ'ዩ ማለት'ዩ። እንተልይዎ ኸ፡ እንታይ ዓይነት ስነ-ሓሳብ? ጸጋማዊ ወይስ የማናዊ? ክንጸር ኣለዎ። እቲ ፖለቲካዊ ውድብ ዝመረጾ ስነ-ሓሳብ ክኽተል መሰሉ'ዩ። ዝመረጾ ስነ-ሓሳብ ክኽተል መሰሉ'ዩ ማለት ግን፡ “ክውዕየካን ብማንካ ክዝሕለካን ብኢድካ” ዓይነት ብመጽናዕቲ ዘይተደገፈ ካብ ህዝቢ ዝስማዕ ህንጡይነት ንለውጥን ግዝያዊ ዓለማዊ ሓይሊ ሚዛን ዝፈጥሮ ተጽዕኖን ተደፊእካ፡ ኩነታታውን ከከም ዝጥዕመካን ተበላጺ መንገዲ ምሓዝ ማለት ኣይኮነን። ናይ ግድን ጸጋማዊ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ መስመር ድዩ ዝኽተል ወይስ የማናዊ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ መስመር ክበርህ ኣለዎ።

ስለምንታይ? ኣብ መንጎ'ዞም ክልተ ንዓላማዊ ፖለቲካዊ ሚዛን ዝገዝኡ ስነ-ሓሳባት (ኣረኣእያታት) መሰረታዊ ናይ ዕላማ ፍልልይ'ዩ ዘሎ። ብንጹር ንምቕማጥ ጸጋማዊ ስነ-ሓሳብ ብውሽጥን ብደገን ዝገጥሞ ዘሎ ናይ ተግባር ዓንቀፍቀፍ እንተዘይኮይኑ፡ ከም ስነ-ሓሳብ ወገን ዝበዝሐን ዝተወጸዐን ህዝቢ'ዩ። ተልእኾኡ ልኡላውነት ህዝቢ ምርግጋጽ'ዩ። ሓባራውነት'ዩ።

ግዝያዊ ልዕልነት ዝረኸበ ዝመስል ዘሎ የማናዊ ስነ-ሓሳብ ግን ወገን ውሑዳትን ሃብታማትን'ዩ። ብቕጥታን ብተዘዋዋርን ዓሌታውነት ዝንጸባረቐሉ ኣረኣእያ'ዩ። ብዝተፈላለየ ሜላታት፡ ብኢ-ፍትሓዊ ኣገባብ ሃብቲ ዓለም ዝግብት፡ ውልቀ ሃብታማት ብዘዋህለልዎ ሃብቲ መን ቀዳማይ ቦታ ሓዘ ብቢሊዮን ትሪሊዮን ዶላር እናተወዳደሩ ክብረ ዝናኦም ዘረጋግጹሉ፡ ንድኻታት ሰብኣዊ ክብሪ ብዘዋርድ ብመልክዕ ትኳቦ እናመጠወ፡ ብምኽባር መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያዊ መሰላት ከም ዝግደስ መን ከማይ ዝብል ኣረኣእያ'ዩ። ብሓጺሩ እዚ ስነ-ሓሳብ'ዚ ፖለቲካዊ ተፈጥሮኡ ህዝባዊ ኣይኮነን። ሓቀኛ ደሞክራሲ ምስፋን ኣይኮነን። ሚዛናዊ ሓባራዊ ምዕባለ ምርግጋጽ ኣይኮነን። መርሆኡ ልዕልና ሓሳብ ዘይኮነ፡ ስነ-መንነት ሓይሊ'ዩ። ብፍላይ ኣብ'ዚ ዘለናዮ መድረኽ መንነቱን ውግንናኡን ዝያዳ ብሩህ እናኾነ ይመጽእ ስለ ዘሎ፡ ብቑም ነገሩ ምምዛን ኣገዳስነት ኣለዎ። በዚ መንጽር ንፖለቲካ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘለዋ ፖለቲካዊ ውድባት ከኣ ብፍላይ ንመዝነሉ ረቛሒ፡ ወዲ ዓድና፣ ብሄርና፣ ሃይማኖትና ስለ ዘለዎ ወይ ድማ ብዙሓት ሰባት ኣብ ኣዳራሹ ክስዕስዑ ሪአ ካብ ዝብል ድሑር ዝምባሌታትን ህንጡይነት ናይ ለውጥን ዝደሓነ፡ ብንቕሓት እንታይ ዓይነት ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ መስመር'ዩ ዝኽተል ብግቡእ ተረዲእካ፡ ከከም ምርጫኻ ብግልጺ ንትኣምነሉ ምድጋፍ፡ ንዘይተኣምነሉ ምቅዋም ክኸውን ይግባእን።

**ካልኣይ፡-** ከም ፖለቲካዊ ውድብ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ፡ ካብ ላዕሊ ድማ ንታሕቲ ዝቆጻጸረሉ ሕጋዊ ትካላዊ ናይ ተሓታትነት ስርዒታዊ መስኖታት ኣለዎ'ዶ የብሉን ምንጻር'ዩ። ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ሰባት ከም ደስ ዝበሎም ብዘይመጽናዕቲ ብዘይ ሕጋዊ መድረኽ፡ ፍለጡና ኢሎም ብዝእውጅዎ መግለጺ መንነቱ ኣይረጋገጽን። ንውድብ ውድብ ዘብሎ ብደሞክራስያዊ መረጻ ብዝተወከሉ ኣባላት ኣቢሉ ብዘካይዶ ሕጋውን ወግዓውን ጉባኤ፡ ኣብኡ ብዘጽድቖ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡ ዝምረጹ ፖለቲካዊ መሪሕነት፡ ተቖጻጻሪ ኣካል (ኦዲት) ዘመሓላልፎ ውሳኔታትን'ዩ ምሉእ ውድብ ዝገብሮ። ስለዚ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝነጥፉ ፖለቲካዊ ውድባት ነዚ ዝተጠቕሰ ሕጋዊ መምዘኒ ክምልሱ ውዱእታ ዘይኮነ ግዴታ ኣለዎም። ኣብ ፖለቲካዊ ውድባት ብኣባልነት ተሓቚፎም ህዝባውን ሃገራውን ግዴታኦም ከበርክቱ ዝደልዩ ዜጋታት ድማ፡ ሰብ ረኣና ዘይኮነ ሕጋዊ ውድብ ድዩ ኣይኮነን ኣረጋጊጾም ክኣትው ይህልዎም።

**ሳልሳይ፡-** ብፖለቲካዊ ውድብ ክምለስ ዘለዎ ተግባር'ዩ። ዝኽተሎ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ንጹር፣ ሕጋዊ ትካላዊ ተሓታትነት ዘለዎን ኮይኑ ተግባር እንተዘይብሉ ኩሉ ባዶ ስለ ዝኸውን ሓሳቡ ዝትግብር ውድብ ኮይኑ ክርከብ ኣለዎ። ኣባላት ውድብ ብሓፋሻ፡ መሪሕነት ውድብ ከኣ ብፍላይ እምነትና ኣብ ባይታ ብግቡእ'ዶ ይትርጎም ኣሎ? ኣብዘሓ ህዝቢ ክፈልጦ ገይርና'ዶ? ተካኢ መንእሰይ ወለዶ ነፍሪ ኣለና የለናን ግቡእ ትኹረት ሂቦም ክግምግምዎ ይግባእ። ዜጋታት ከኣ፡ እዚ ውድብ ሓሳቡ ብተግባር ናይ ምትርጓም ባህሊ ስራሕ ዘለዎ ድዩ ወይስ ናይ መልሓስን ወረቐትን ጥራሕ'ዩ ግቡእ ኣገንዝቦ ሒዞም ኣወንታዊ ድፍኢት ክገብሩ ኣለዎምን ይግባእን።

ምኽንያቱ፡ ኣንጻር ዘቤታዊ ጸላኢ እንተተኣኻኺብና ቅልጡፍ ለውጢ ከነምጽእ ኢና ዝብል ብግቡእ ዘይተጸዐ ህውኽ ድሌታት ዝግበር ዘሎ ጎስጓስ ካብ ዝሓለፈ ዘይተማህረ፡ ህዝቢ ዝደልዮ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ከምጽእ ዘኽእል ናይ ሓሳብን ተግባርን ልዕልና ዘይብሉን'ዩ። ስለምንታይ'ሲ ናይ ስነ-ሓሳብ ንጹርነት፣ ሕጋዊ ተሓታትነት፣ ናይ ምትግባር ባህሊ ዘይብሉ ውድባትን ግንባራትን ምህላው ንበይኑ ዓይነታዊ ለውጢ ኣየምጽእን።

**ካብ ክብሮም ከሰተ**

ኣባል ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ(ደግሓኤ)

25 ሚያዝያ 2025